**መዘኻኸሪ:** ኣባላት ስድራቤት ናይ ሓደ ስደተኛ ወይ ካልኣይ ደረጃ ዑቕባ ዘለዎ ሰብ ካብቲ ምምሕዳራዊ ወጻኢታት ናጻ እዮም ( እንተደኣ ሰብኣዊ ቪዛ ዘይሓተቱ)።

## 5) እቲ መስርሕ ክንደይ ግዜ ይወስድ፧

ካብታ ጠለብ ዘቕረብካላ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 9 ወርሒ፣ እቶም ዝምልከቶም ሰብ መዚ በልጅም ውሳኔ ክወስዱ ኣሎዎም። ኣብ ፍሉይ ኩነታት፣ እዚ ናይ ግዜ መቓን ክልተ ግዜ በብ3 ወርሒ ተናዊሑ ጠቕላላ ክሳብ 15 ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል። እንተደኣ መልሲ ከይተዋህበካ 9 ወርሒ ሓሊፉ ግን፣ ኣባላት ስድራቤትካ ናይ በልጅም መንበሪ ፍቓድ ይወሃቦም።

## 6) እንታይ ዓይነት ውሳኔታት ይወሃብ፧

ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ኢሚግረሽን ነዞም ዝስዕቡ ወሳኔታት ክህብ ይኽእል፡

- ኣወንታዊ ውሳኔ፣ ኣባል ስድራቤትካ ናይ D ቪዛ "ጥርናፈ ስድራቤት" ይወስዱ።
- ናይ ምንጻግ ውሳኔ፣ ኣብ ናይ DNA መርመራ ዝተሞርኮሰ፡ እንተደኣ እቲ ናይ DNA መርመራ ኣወንታዊ ኮይኑ፣ እቲ ቪዛ ይወሃብ።
- ኣሉታዊ ውሳኔ : እቲ ጠለብ ቪዛ ይንጸግ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፣ ሕጋዊ ምኽሪ ካብ ሕጋዊ ጠበቓ ወይ ካብ ኣብ ከምዚ ዓይነት ጉዳያት ዝነጥፉ ማሕበራት ተወከስ። ሓዲሽ ናይ ቪዛ ጠለብ ምቕራብ ውን ይከኣል እዩ።

## 7) ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክትረክብ ትኽእል፧

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ናይ ስድራቤት ምጥርናፍን እተን ክተሓጋገዛኻ ዝኽእላ ማሕበራትን፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ዝርከብ ናይ መምርሒ መጽሓፍ ብዛዕባ መስርሕ ናይ ስድራቤት ምጥርናፍ ንተጠቐምቲ ኣህጉራዊ ዑቕባ ተወከስ። www.unhcr.be/fr/nos-activites/publications/rapports.

## ኣብቲ ግዜ መስርሕ፣ ዘድሊ ሓገዛት ከምትረክብ ግበር!

ዝርዝር ናይተን ብዛዕባ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ዝተሓጋገዛ ማሕበራት ንምርካብ፣ ነዛ ትስዕብ መርበብ ተወከስ፣

**http://bit.ly/2sEzFeK**

---

ዝያዳ ሓቤረታ ብዛዕባ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ንምርካብ ነዛ ወግዓዊት መርበብ ሓበሬታ ናይ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ በልጅም ተወከስ

**http://bit.ly/2smm2Av**

---

ኣብ ደገ ዝርከቡ ናይ በልጅም ዲፕሎማስያውያን ቤት ጽሕፈታት ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝቅጽል መርበብ ሓበሬታ ተወከስ

**http://bit.ly/2rUN9Gh**

---

ናይ ቪዛ ጠለብ (ተግባራዊ እንተኾይኑ) ንምግባር ኣብዚ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ ተወከስ:

**http://bit.ly/2rYxKjq**

ኣታ ናይ QR-ኮድ ስካን ግበሩ ከምኡውን ንዝያዳ ሓበረታ ነታ ቪድዮ ተዓዘቡ።

UNHCR
The UN Refugee Agency

CONCEPT & DESIGN BY HERENLOEBAS.BE

UNHCR
The UN Refugee Agency

# ምጥርናፍ ስድራቤት ንተረባሕቲ ኣህጉራዊ ዑቕባ ኣብ ሃገረ በልጅም

TI



## 1) ብመስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ናብ በልጅም ክጽምበሩኻ ዝኽእሉ መነመን'ዮም፡

በዓልቲ ቤትካ ወይ ምዝግብቲ መጻምድትኻ፣

ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦ ውሉድካ፣

18 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦ ስንክልና ዘለዎ ጽግዕተኛ ውሉድካ፣

ወለድኻ፣ ማለት ናባዂ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ምስትኸውን።

ብተወሳኺ፡ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት ብስንኪ ምስ ሰብኣውነት ዝተኣሳሰር ምኽንያታት ናይ በልጅም መንበሪ ፍቓድ ክወሃቦም ይከኣል'ዩ።

## 2) ናይ መመልከቲ ፎርም ነእትወሉ ቦታ ኣበይ'ዩ ፧

ኣባላት ስድራቤትካ ነቲ መመልከቲ ፎርም ኣብቲ ንዝቐመጡሉ ሃገር ዘገልግል ናይ ሃገረ በልጅም ኤምባሲ ወይ ድማ ቆንስል ምቕራብ የድሊ።

እቲ መመልከቲ ፎርም ምስቲ መሰነይታ ሰነዳት ብመገዲ ኤምባሲ ሃገረ በልጅም ናብ ቤ/ጽሕፈት ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ይመሓላለፍ። እዚ ቤ/ጽሕፈት ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ድማ ውጽኢት ናይቲ መመልከቲ ፎርም ብዝምልከት ውሳኔ ይህብ።

**መብርሂ፣** ከም ግቡእ፡ ኣባላት ስድራቤት ናይ ሕጋዊ ስደተኛ ከምኡ'ውን ብኻልኣይ ደረጃ ዝተዓቐቡ ሰባት፡ ከም ኣማራጺ፡ ነቲ መመልከቲ ፎርም ኣብቲ ንነዊሕ እዋን ዘገልግል ናይ ቪዛ ጥርዓናት ምምልካት ዝፍቀደሉ ዝኾነ ኤምባሲ ሃገረ በልጅም ከቕርቡ ይኽእሉ።

## 3) እንታይ ዓይነት ሰነዳት ክቐርቡ ይግባእ፡

**ኣስተውዕል፣** እንተ ደኣ ኣባላት ስድራቤትካ ነቲ ጠለብ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ድሕሪ'ቲ ናይ ስደተኛ ዕቑባ ወይ ብኻልኣይ ደረጃ ዕቑባ ምርካብካ ገርሞ፣ ተወሳኺ መርቶያታት ከም ብቑዕ መንበሪ ገዛ፣ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ፡ ከምኡ'ውን ጥጡሕ መነባብሮ ኣብ በልጂም ከምዘሎካ ንኸተምጽእ ኣይትሕተትን።

እዚ እንተደኣ ኮይኑ እቲ ጉዳይ፡ ነዞም ዝስዕቡ ወረቓቕቲ ጥራሕ ኣረክብ፡

- ዝተፈረመ ናይ ቪዛ መሕተቲ ቅጥዒ ምስ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተሳኣልካዮ ናይ መንነት ስእሊ፣
- ሕጋዊ ናይ ጉዕዞ ሰነድ (ሃገራዊ ፓስፖርት፣ - ሰመያዊ ፓስፖርት ብUNHCR ዝተዋህበት ወይ'ውን ብናይ በልጅም ሰበስልጣን ዝተዋህበት laissez-passer)፣
- ንደቕኻ፣ ናይ ክብሪ መዝገብ ሰነድ። ብሓፈሻ እቲ ናይ ኢሚግረሽን ቤት ጽሕፈት ናይ DNA መርመራ ክሓትት ይኽእል።
- ንበዓልቲ ቤትካ /ሰበይትኻ፣ ናይ ቃል-ኪዳን ወረቀት
- ንምዝግብቲ መጻምትኻ፣ ናይ ዝምድናኹም ናይ ዉዑል መረጋገጺ ከምኡ'ውን ኣብ ቀጻልነት ዘለዎ ዝምድና ከምዘለኹም ዘርእዩ ኣለዉ ዝበሃሉ መርቶያታት (ስእልታት፣ ኢ-መይል፣ ናይ ጉዕዞ ቲኬት ወዘተ...)፡።
- ኣባል ስድራቤትካ 18 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝዕድመኡ ምስ ዝኸውን፣ ካብ ገበን ናጻ ምዃኑ ዘረጋግጽ ሰነድ ወይ ተመሳሳሊ ወረቐት ምቕራብ የድሊ።
- ብናይ ሃገረ በልጅም ኤምባሲ ወይ ቆንስል ዝተመዘ ዶክተር ዝተጻሕፈ ናይ ጥዕና መረጋገጺ ሰነድ፡ ማለት ኣባል ስድራቤትካ ካብ ዝኾነ ይኹን ንጥዕና ሕብረተሰብ በልጅም ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ዝኽእል ሕማማት ነጻ ምዃኑ ዘረጋግጽ ወረቐት፡።
- ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዉሉዳትካ ወይ ናይ በዓልቲ ቤትካ ወይ መጻምድትኻ (ዘይሓባራውያን ቆልዑት)፣

1. ናይቲ ሞግዚትነት ዝሓዘ ሰብ ፍቓድ ነቲ ቆልዓ ምስ ወላዲ/ት ክነብር ወይ
2. ወላዲ/ት ኣብ በልጅም ምሉእ መሰል ወይ ሞግዚትነት ናይ ቆልዓ ከም ዘለዎ ዘረጋግጽ ናይ ቤ/ፍርዲ ብይን ወይ
3. ናይ'ቲ/ታ ብሞት ዝተፈለየ/ት ወላዲ/ት ናይ ሞት ምስክር ወረቐት
4. ኣብ መንጎ ክልተ ዝተፋትሑ ወለዲ ናይ ፍትሕ ምስክር ወረቐት

- ብመሰረት ሃገራዊ ሕጊ፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኡ ውሉድካ ክምርዖ ዝፍቀደሉ እንተደኣ ኮይኑ፡ ከምዘይተመርዓወ ዘረጋግጽ ሰነድ
- 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኡ ውሉድካ ስንክልና ምስዝህልዎ፡ ብኤምባሲ ሃገረ በልጅም ወይ'ውን ቆንስል ዝተመዘ ሓኪም፡ እቲ ውሉድ ብሰንኪ ዘለዎ ስንክልና ንበይኑ ክነብር ከምዘይክእል ዘረጋግጽ ሰነድ
- ቀጻሒ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ሃገረ በልጅም፡ ከምኡ'ውን ከም ስደተኛ ወይ'ውን ብኻልኣይ ደረጃ ዕቑባ ኣብታ ሃገር ክትቕመጥ ከምዝተፈቕደልካ ዘረጋግጽ ናይ ውሳኔ ሰነድ

ኩሎም ካብ ወጻኢ ሃገር ዝቐረቡ ኦርጂናል ሰነዳት፡ በቶም ወሃብቲ ኣካላት ቅቡልነቶም ዘረጋግጽ ማሕተም ክህልዎም ይግባእ። ቀጺሉ ሕጋውነቶም በቲ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ቆንስል ወይ ኤምባሲ ሃገረ በልጅም ደገሙ ክረጋገጽ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ እቶም ሰነዳት ካብ ቛንቛታት ጀርመን፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛን ዳችን ወጻኢ ዝተጻለዉ ምስዝኾኑ ብሕጋዊ ዝኾነ ኣስተርጓሚ ክትርጎሙ ይግባእ።

## 4) እንታይ ኢዮም እቶም ወጻኢታት፡

- ናይ ቪዛ መሕተቲ ወይ መሳለጢ ክፍሊት፣ ኣብዚ እዋን እዚ 180 ኤውሮ ኢዩ።
- ሰነዳት ንምርካብ፡ ንምትርጓም፡ ሕጋውነት ንምርግጋጽ ዝኸፈል ወጻኢታት
- ናይ መጕዓዝ ወጻኢታት፣ ናብቲ ኤምባሲ ከምኡ'ወን ናብ በልጅም ንምጕዓዝ ናይ ኣየር ቲኬት ወጻኢታት።
- ናይ ሕክምና ወጻኢታት (ናይ ጥዕናዊ መርመራ ወረቓቕትን ናይ DNA መርመራን)፣